ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ حزب الشعب الديمقراطي الار

ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC PARTY

# መግለጺ

# <u>ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ. ዲ. ህ.ኤ)</u>

**12 ጥሪ 2018**

**እዚ ንርከበሉ ግዜያት፡ ሓድሽ ዓመት ስለ ዝኾነ፡ ዓመተ ሰላም፡ ስኒት፡ ቅሳነት፡ ራህዋን፡ ምርግጋእን ክኾነልና፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ፡ መወዳእታ ዘይብሉ ግፍዕን ጭቆናን ኣብቂዑ ብሓድሽ መድረኽ ሰላም መታን ክትካእ፡ ንያት ቃልስና ክብ ኣቢልና፡ ሓድነትና ኣትሪርና፡ ህዝብና ጠርኒፍና፡ መንፈስና ኣሕዲስና፡ ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ፡ ክይተዛነና እጃምና ክነበርክት ይግባእ። ኣብ ዝሓለፈ 26 ዓመታት፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝተኻየደ ፍትሓዊ ቃልሲ፡ ቅዋማዊትን ደሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንምህናጽ፡ ብኹሉ ደላይ ፍትሒ፡ዝሃለኸ ጸዓት ፡ ብሓደ ረፍዲ ተንቲንካ ኣይውዳእን። ኣብ'ዚ ምትንታኑ'ውን ተደላይነት የብሉን። እንተኾነ፡ ዝሓለፈ 26 ዓመታት፡ ህዝባዊ ዕላማታትና ካብ ዘይተተግበረ'ኸ እንታይ ይገበር? ዝብል እዋናዊ ሕቶ ንምምላስ ፡ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ኣብ ዘለዎ ማሕበር፡ ውድብን፡ ሰልፊን፡ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን፡ ብሓጺናዊ ሓድነት ዝተሃንጸ ግሉጽ፡ ኣብ እንካን ሃባን ዝተመስረተ፡ ህዝባዊ ተሳታፍነት ዘረጋግጽ፡ ደሞክራሲያዊን ፍትሓዊን ቃልሲ ክጽመድን፡ እጃሙ ከበርክትን ይግባእ። ኣብ'ዚ**

ልዕል ክብል ዝተገልጸ ኣገባብ ቃልሲ፡ ንምቕልጣፍ ዉድቀት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣውራን፡ ቅድመ ተደላይነት ጉዳይ ናይ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ምኻኑ እዩ።

ሰ.ዲ.ህ.ኤ ክምስረት እንከሎ ነቶም ሓደ ኣርኣእያ ዝነበሮም ውድባት፡ ማለት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ብሓንሳብ ብምጥርናፍን፡ ተረዳዲእካን ተላዚብካን፡ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ብሓባር ምቕላስ ዝብል ቅዱስ ዕላማ ብኸፊል ክዕወተሉ በቒዑ እዩ። ነዚ ቅዱስ ዕላማ ካልኡት ተመሳሳሊ ኣርኣእያ ዘለዎም ኣብ ቃልሲ ዘለዉ ኣካላት ክጽምበርዎ'ሞ፡ ሙሉእ ብሙሉእ ንኽዕወት፡ ህዝብና ብዓብይ ሃንቀውታ ዝተጸበዮን፡ ተስፋ ዘንበረሉን፡ ግን ኸኣ ገና ሙሉእ ብምሉእ ዘይተዓወትናሉ፡ መልሲ ዘይተረኸበሉን ሕቶ እዩ።

ሰ.ዲ.ህ.ኤ፡ ንሓድንት ህዝብን ሉኣላውንት መሬትን ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወ፣ጸጋታት ሃገር፡ ንኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ብዘይኣፋላላይ፡ንብማዕረ ክደላደል፣ ህዝቢ ኣብ ዘይምእኩል ምሕደራ በብከባቢኡ መራሕቱ ክመርጽን ከውርድን፣ነጻነት እምነት ዘጋታት ንኸወሓስ፡ መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ምትእትታው ዘየፍቅድ፣ ምስ ጎሮባብቲ ሃገራት ክልተኣዊ ሰናይ ዝምድና ምፍጣር፣ ….ወዘተ ከም መርሆ ኣሚኑ: ክቃለስ ጸኒሑ። ነዞም ዝተጠቕሱ መርሆታት ዝኣምኑ ወይ ዝቕበሉን ውድባት ወይ ሰልፍታት፡ ብሓባር ምስራሕ ኣገዳሲ ምኻኑ ዝተቀበለን ዝኣመነን፡ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ዲሞክራስን ንምስፋን፡ ዝቃለሱ ዜጋታት ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝካ፡ ክሳብ ዓወት ምብጻሕ ዝሃቀነ ራእይ ተግባራዊ ንምግባር እዩ። እንተኾነ ፈጻሚት ሽማግለ ሰዲህኤ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ራእይ ሰልፊ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ኣብ ክብ ዝበለ ህዝባዊ መደብ ቃልስን ውደባን ከሰጋግሮ ኣይበቕዐን።ብኣንጻሩ፡ ርእይቶ ኣባላቱን ተሓጋገዝቱን ብምንጻግ፣ ኣብ ክንዲ ፍታሕ ዘናዲ ጉድለት ድሕሪ ጉድለት ክፍጽም ጸኒሑን ኣሎን። ገለ ካብቲ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ዝፈጸሞም ፍሩያት ጉድለታት ንምጥቃስ፤

1. ብመንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ነሓሰ 2013 ዓም፡ ኣብ ዝተዓደመ ናይ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ውድባት ኣኼባታት፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብክብ ዝበለ መርሕነታዊ ልኡኹዩ ተሳቲፉ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኼባታትን፡ ብሰለስተ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈቱ ዝተወከለን ሰዲህኤ፡-

• ካብ ወርሒ ዘይበዝሕ ዕድመ ንዝነበሮን፡ 7 መዛተዪ ነጥቢታት ዝሓዘን እማመ ሰዲህኤ፡ ከም ሓደ ካብ መዛተዪ ወረቐት ኰይኑ ክቐርብ ትጽቢት ክግበረሉ ባህርያዊ ነይሩ። ልኡኽ ሰልፍና ግን፡ ኣይኮነንዶ፡ ከም መዛተይ ነጥቢታት ኰይኑ ኣብ ኣጀንዳ ኣኼባታት ክሰፍር ክደፍኣሉ፡ ንይምሰል'ውን እንተ ኰነ ኣይዘከሮን (ኣየልዓሎን)። ስለምንታይ ወርቐት ሰልፊ ኣብ ኣኼባታት ኣዲስ ኣበባ ዘይቀርብ ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ ግዜ ከኣ፡ ኣብ ናትና እማመ ጥራይ ዘተ ዘይተገብረ ከም ዝተባህለ ንምምሳል፡ ናትና እማመ ጥራይ ተቐበሉ ክንዲ ንብሎም ናቶም ከኣ ክንሰምዕን ክንቅበልን ኣሎና ዝብል መመኽኔታ ቀሪቡ።

• ንዓሰርተታት ዓመታት ክደጋገሙ ዝጸንሑ፡ ግን ከኣ ኣወንታዊ ውጽኢት ኣብ ዘየርኣዩ ናይ ግዜን ጸዓትን መባኽኒ ዝኾኑ ነጥቢታት፡ ካብ ነሓሰ 2013 ክሳብ ለካቲት 2014 ዓም፡ ከለል ተባሂሉ። ገለ ካብ ኣብ ኣኼባታት ዝተላዕሉ ነጥቢታት፡ ነቶም ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳንን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶን ኣባላት ዝኾኑ ውድባት ጥራይ ዝምልከቱ ክንሶም፡ ኣባላት ሰዲህኤ፡ ኣብ ንካልኦት ውድባት መሰሓሃቢ ዝኾኑ ጉዳያት ንጡፍ ተራ ብምጽዋትና ሰልፍና ናይ ካልኦት ተቐባልነትን ኣኽብሮትን ከም ዝረክብ ጌርና ብምባል፡ ከም ዘሐብን ውጽኢት ዘበርከቱን ክብርን ስምን ሰዲህኤ ክብ ዘበሉን ገይሮም ንርእሶም ይገልጹ።

• ኣኼባታት ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ውጽኢቱ ዝገልጽ ኣዋጅ ተነዲፉ። ኣቦ መንበር ሰልፊ፡ ሃንደበት መታን ከይኰነኩም ብምባል፡ ናብ ኣባላት ባይቶ ዘርጊሑዎን፡ ኣብቲ ንድፊ ሰፊሩ ንዝነበረ ነጥቢታት ከኣ "ብናትና ድርኺት ዝተገዝአ ምንባሩ ከተኣማምነኩም እፈቱ"

ብምባል ገሊጹዎ። ምስ ኩሉ ዝነበረ ተቓውሞ፡ ሓባቢልካ ብዝተኣከበ ድምጺ ስዒሩ፡ ብሰደህኤ ጽዱቕ ኮይኑ ሓሊፉ።

• ብናትና ድርኺትን ጻዕርን ዝተበጽሐ ስምምዕን ንድፊ ኣዋጅን ከም ዘይተባህለ፡ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ፡ በቲ ናብ ኣባላት ባይቶ ዝተዘርግሐ ትሕዝቶኡ ናብ መርበብ ሓበሬታ ምስ ተለጠፈ፡ ኣብ ስምምዕ ዝይነበረ ቃላት ተወሲኹዎን፡ ሰዲህኤ ብካልኦት ተጠሊሙን ብዝብል ምስምስ፡ ሰዲህኤ ካብ ምምኽኻራዊ ኣኼባታት ኣቦ መንበራት ከም ዝሰሓበ ብወግዒ ተገሊጹ። ክብ ኢሎም ተዘኪሮም ዘለዉ ነጥቢታት፡ ኣብ ጉዳይ ኣኼባታት ኣቦ መንበራት ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ውድባት፡ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ቅልውላው ንክፍጠር ጠንቂ ካብ ዝኾኑ ቀንዲ ዝተጸምቁ ኢዮም። ንሶም ጥራይ ግን ኣይኰኑን።

2. ካልኣይ ጉባኤ ሰዲህኤ ኣብ ክልተ ዝተፈላለየ ቦታታት ክኸውን ውሳነ ኣሕሊፉ። ኣብ ኣፈጻጽምኡ ሕጋዊ ጸገማት ክፈጥር ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ክግበር ዘኽእል ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ ብምባል፡ ገለ ካድራት ሰልፊና ብናታቶም ሓሳባት ኣሰንዮም ርእይቶ ኣቕሪቦም። ካልኦት ካብ መሰረታት ሰልፊውን፡ ጉባኤ ኣብ ክልተ ቦታታት ክኸውን የብሉን ዝብል ርእይቶታቶም ገሊጾም። መርሕነት ሰልፊ ግን፡ ክንዲ ብኹሉ ዝቐረበሉ ርእይቶታት ጽን ኢሉ ዝሰምዕን፡ ንዝተጋገዩ፡ ወይ ግብራዊ ዘይኰነ ምርጫታት ኣቕሪቦም ንዝበሎም፡ ብህድኣትን ልቦናን ከረድእ ዝፍትንን፡ ንገለ ብምንጻል፡ ንገለ ብምፍርራሕ፡ ንካልኦት ድማ ብምትላል፡ ካብ መሰረታትን ካድራትን ንዝቐረበ ርእይቶታት ግምት ከይሃበ ሓሊፉዎ። እዚ፡ ነጸብራቕ ናይቲ ክሳብ ክንደይ ንናይ ካልኦት ርእይቶታት ዘይኣኣንጋድነትን ዘይተጻዋርነትን ባህርይ ናይቲ ኣብ እዋን ዝነበረ መርሕነት ሰዲህኤ ዝገልጽ ኢዩ። በዚ ዘይሕጋዊ ተግባር፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ዘይምትእምማን፤ ምጥርጣርን፤ ምጉጅጃልን ብምፍጣር ጥራይ ኣብ መርሕነታዊ ቦታ ክነብር ከም ዝደልን ዝሰርሕን ዝሕብር'ዩ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ኣገባብ ኣአራርሓዚ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ሰዲህኤ፡ ኣብ ዓበይትን

ንኣሽቱን ሕቶታት፡ ናይ ኣረዳድኣ ዘይምዕሩይነት ነይሩን ገና'ውን ይቕጽል ኣሎን።

3. ኣባላት ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ምዱብ ዓመታዊ ጉባኤኦም ኣካይዶም መሪሕነቶም መሪጾም ክነሶም፡ ፈጻሚ ኣካል ብውዲት'ታ ዝተመርጸት መርሕነት ስለ ዘይተሓጎሰ፤ ኣብ ክንዲ ብቐጥታ ምስቲ ዝተመረጸ ሽማግለ ዞባ ተራኺቡ መደባት ሰልፊ ዘተግብር፡ ኣብ ቅዋም ዘየለ ወኪል ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ሰልፊ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ዝብል ስርርዕ ብእደ ዋኒኑ ፈጢሩ፡ ንዞባ ሽማግለ ሰሜን ኣመሪካ ብመንገዲ ወኪላት ክራኸባ መሪጹ። እዚ'ውን ናይ ህልኽ እምበር ንፍታሕ ዝተማህዘ ኣይነበርን ።

4. ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ ፡ ሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ሓድነት ሰልፊ ኣብ ምሕያል ተራ ኣልዎ ኢሉ ንዘቕረቦ ለበዋታት፡ብዛዕብኡ ንሽማግለ ዞባ ከይተውከሰን መብርሂ ከይሓተተን ፡ብኣሉታ ገምጊሞዎ። እዚ ንብሓትነቱ ዘረጋግጽን፡ ጽን ኢሉ ርእይቶ ካልኦት ክሰምዕ ናይ ዘይምድላይን ባህርያት ኣድሚቑ ይገልጽ። መቀጸልታ ናይቲ፡ ነቀፌታን ርእይቶን ኣብ ልዕሊ ዘቀረቡ ኣባላት ዝወሰዶ ናይ ምስጋጉን ምድስካልን ስጉምቲ'ዩ። ስላዚ ከኣ'ዩ፡ ነቲ ኣብ ጉባኤ ሰልፊ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተመርጸን ንሓደንት ሰልፊ ዝተቓለሰን ሕጋዊ ሽማገለ ሰልፊ ካብ ሓላፍነት ኣውርዱ፡ ነቶም ንርእይትኡ ጥራሕ ዝተቀበሉ ባእታት፡ ኣኼባ ኣካይዱ፡ ሓዳስ ዘይሕጋዊት መርሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ክትቀውም ኣዚዙ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ጉዳያት፡ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ዝሓለፎ ዘይርጉእ ኩነታትን፡ ዘይሓላፍነታዊ ዉሳኔታት መሪሕነት ሰልፊ፡ ብኸፊል ዘነጽሩ እዮም። ብኣንጻር እዚ፡ መሰረታት ሰ.ዲ.ህ.ኤ፡ ህዝባዊ ትጽቢት ከይቀህም፡ ሸለልትነት ንፖለቲካዊ ራእይና ከይነግስ፡ ሰልፊ ዘለዎ ዉሽጣዊ ቅልዉላው ብዘተ ፈቲሑ፡ ናብ ዝተበገሰሉ ዕላማ ኣተኵሩ ክቃለስ ኣለዎ፡ ዝብል ተሪር ዉሽጣዊ ሕጋዊ ተቓዉሞ ጸኒሑ እዩ። እንተኾነ ዓብላሊ ሪይቶ መሰረታት ጎስዮም፡ መሪሕነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ ዘይሓላፍነታዊ ዉሳኔታት ምዉሳድ ኣየቋረጹን። ኣብ ክፍላ 2017 ኣብ መንጎ መሪሕነት ሰልፊን

መሰረታትን ዘይምስምማዕ ጎሊሑ ኣብ ዝተራእየሉ እዋን፡ ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን ፍታሕ ኣብ ክንዲ ምንዳይ፡ ዝነበረ ናይ ሰልፋዊ ዘተ ተስፋ ኣብ ዕጹው ኩነታት ኣብጺሖሞ። ስለዚ ንሕና መሰረታት ሰዲህኤ ንዓመታት ዝኣክል ዝተቃለስናሉ ሰልፊ ብከምዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኣሉታዊ ኩነታት ክቕጽል ፍቓደኛታት ከምዘይምኻናን፡ ሰልፍና ንምድሓን ነዞም ዝስዕቡ ወሳኔታት ኣሕሊፍና፤

1. መርሕነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ ነቲ ዝኣትዎ ውዕል ሓድነት ሰልፊ ጠሊሙ፡ ውሑዳት ደገፍቱ ኣኪቲሉ፡ ሰልፊ ገዲፉ ከምዝኸደ ።

2. እቲ ቅድሚ 8 ዓመታት፡ ኣብ ሞንጎ ሰልፊ ህዝብን ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ዝተኸተመ ናይ መሰረታት ሓድነታዊ ኪዳን መንፈሱን ትሕዝትኡን በዚ ኣብ ዉሽጢ ሰልፊ ዝተኸስተ ዘይምርግጋእ ከም ዘይተተንከፈ እንዳራጋገጽና፡ መሰረታት ብዝገበርዎ ናይ ሓባር ጻዕሪ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ክቕጽል ምኻኑ ንሕዝቢ ነፍለጥ።

3. ሰ.ዲ.ህ.ኤ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ዝሓለፎም መድረኻት ብደቂቕ ክግምገም ወሲንና። ብመሰረት ገምጋምና ኣብ ዝቕጽል 3ይ ጉባኤ፡ ዘድሊ ሰልፋዊ ምትዕርራይ ክንገብር ምዃንና ነፍልጥ።

4. ነዚ ዝቕጽል መድረኽ ዝመርሑ፡ ኣብ ፈጻሚትን ባይቶን ዘጋጠመ ሃንፋት መሊእና፡ ስራሕና ክንቕጽል ብዝገበርናዮ ምርድዳእ መሰረት፡ ካብ 21 ኣባላት ባይቶ ዝወጹ 7 ኣባላት ፈጻሚት እዞም ዝስዓቡ ምኻኖም ነፍልጥ ።

1/ ተስፋሚካኤል ዮሃንስ -ኣቦ መንበር
2/ ኣለም ዮሃንስ - ወጻኢ ጉዳያት
3/ ብርሃነ ገብረክርስቶስ - ውደባን ስርርዕን ጉዳያት
4/ ወልዱ ነጋሲ - ገንዘባዊ ጉዳያት
5/ ኣንቶንዮ ተስፋይ - ዜናን ሓበሬታን ጉዳያት
6/ ያሲን ኣብራሂም - ኣባል
7/ ክብሮም ግረነት- ኣባል

**ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና**
**ዓወት ንተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ**
**ማእከላይ ባይቶ ሰ.ዲ.ህ.ኤ**